# እቲ ሎምዉን መኸተ! ኤርትራ ሃገርና  ኣብትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝተቓንዔ ሰፊሕ ህዝባዊ ዋዕላ ኣብ ኦረብሩ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣብቲ ኩሉ ተቐማጣይ እረብሩን ከባቢኣን ዝተረኽበሉ ብህዝባዊ መኸተ እረብሩን ከባቢኣን ዝተወደብ ሰፊሕ ሰሚናር ካብ ቤት ፅሕፈት ኤንባሲ ሃገር ኤርታራ ኣብ ስካንዳናቭያን ሃገራት ፈጻሚ ግዳያት ኤንባሲ ሃገር ኤርትራ ኣቶ ዮናስ ማና ኣብ ዉሽጥና ተረኺቡ ነቲ ኩሉ ህዝብኤርትራ ዘሕለፎ ታሪኻዊ ጉዕዞ ብፍላይ ከኣ ካብ መጀመርያ ሓምሳታት እቲ ንህዝብና መሰሉ ብምቕንጣጥ ንጉዳይና ዋናታቱ ንሕና ክንስና ምዕራባዉያን ሃገራት ንህዝቢ ኤርትራ ከም ማንም ህዝቢ ናጽነት ዝግብኦ እካ እንተኾነ  ምእንቲ እስትራተጂካዊ ረብሓና ግን ኣብትሕቲ መስፍናዊት ኢትዮጵያ ክትቑረን ኢዩ ዘለዋ ብምባል መሰልና ከም ዝጋዕጸጹን ኣብ ሓደጋ ከምዘሳጥሑናን ብሰፊሕ ኣብሪሁ።

ኣቶ ዮናስ ካብ ዘትኮረሉ ህሉዉ ኩነታትና ህዝብና ብጉቡእ ይርድኦ ደሎ ንሕና ኤሜሪካ ክንብል ኮሎና ሽሞም ጢዕሙና ዘይኮነስ ይዕሙጹናን ይህሲዩናን ስለዘለዉ ንእከይ ተግባራቶም ክንምክቶ ግድን ስለ ዝኾነናዩ ቀደም ንናጽነትና ዝተጻብኡ ንሶም ዮም ሕጂዉን ዝጻብኡና ዘለዉን ንናጽነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ክዉድቑ ዝፍትኑ ንሶም ስለዝኾኑ,ዩ።ገላ ኤርትራዉያን ምስዛ ዓባይ ሃገር ሓያል ኤሜሪካ ስለምንታይ ዘይንዕረቕ ዝብል ራዕዲ ይስማዕ ዩ ግን ንሓና ኤርትራዉያን ቀያሕቲ እሓትናን ኣሕዋትናን ከፊልና ዝረኸብናያ ናጽነት ሕድገታት ክንገብር ብምንም ተኣምር ፍቓደኛታት ዘይምኸና,ዩ ሰለዚ ከኣዩ ኣቶዮናስ ማና ናዚ ዘለናዮ መድረኽ ህዝብና ብጉቡእ ክርድኦ እለዋ ዝበለ ።

ንሕና ጎይቶት ናጽነትና ጎይቶት ፖሎቲካዊ ዉሳኔና ጎይቶት ቁጠባዊ ፖሊስና ኢና ንሕና ስርናይ ክንበኩም ንስኹም ኢድኩም ኣጣሚርኩም ንዓና ትጽበዩን ትምእዘዙን ዝብል ናይ ሕድሽ ግዝኣት ፖሎቲኩኦም እንነጽግ ህዝቢ ኢና።ኣብ ነብስና ተመርኪስና እንነብር ህዝቢ ኢና ነዚ ርግጽ ክኸዉን ከኣ መስዋእቲ እንኸፍል ዘሎና ህዝቢ ኢና። እዚ እንኮን ሓደ ምርጫናን ብዘይጥርጥር ብዓውት እንወጸሉን እቲ ኤርትራዊ ሞዴል ኣብ ኣፍሪቃ መሪሕ ዝኾነሉን ታሪኽ ኢና ንሰርሕ ዝሎና ብርግጽ ከኣ ንኹሉ ጸቕጥታት በዲህና ብዓወት ክንወጽእ ኢና። ኣብ ዚ ቀንዲ ዓወት ዘረጋግጽ ከም ትማልና እቲ ዘይክማህ ሓድነትና ወሳኒ ምኻኑ ምርድእ የድሊ ኢሉ ኩቡር ፈጻሚ ጉዳያት ኢንባሲ ሃገርኤርትራ  ኣቶ የናስ ማና ።

ካብዚ ብምቕጻል ነቲ ብህዝባዊ መኸተ ኦረብሩን ከባቢኣን ሕጂኸ ተራና ኣብ ምክልኻል ሃገርን ህንጸትን ሃገርና ተራና ከመይ ኣሎን እንታይ ክንገብርከ ኣሎናን ዘርእስቱ ጽሕፉ ምስተነበ፡ ህዝብና ከምትማሉ ንሃገሩ ህዝቡን መንግስቱን ዝከኣኣሎ ክገብር ድልዊ ምህላዉን ነቲ ንናጽነት ኩሉ ሂወቱ

ወፊዩ ንሃገርና ናጻ ዝገበረ ሰራዊትናን ንልዕላዉነት ሃገርና ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለን ዝኸፍል ዘሎ ሓይልታት ምክልኻልና ከንስንቖን ከነዕጥቖን ሓላፍነት ናትናዩ ኩሉ ዓቕምና ዝፈቕዶ ክንገብር ከኣ ድልዋት ኣሎና ኢሉ።

ዕስራ ሰነ መዕልቲ ሰማእታት ኤርትራ,ያ
ንሰማእታትና መብጽዕኦም እነሕድሰላ መዓልቲ,ያ
ካብዚ ተበግስና ኸኣ ሎሚ መዓልቲ ከምዚ ዘኣመሰለ ዉሳኔታት ኣሕሊፍና ህዝብና ብድልየቱ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክገበር ከኣ ዉሳኔ ኣሕሊፉ።
ንሰራሑ ዝኣቱ 3000ክሮነር ንስራሕ ዘይሓዘ 1500ክሮነር ንተምሃራይ ልዕሊ 18 ዓመትከኣ 500ክሮነር ከም ሃገራዊ ጉቡእ ዝምዝገብ ኣብ አሸጢ ሰለስተ ወርሒ ክኸፍል ብምሉእ ድምጹ ብጣቒዒትን ዕልልታን ወሲንዋ ።

እዚ ታሪኻዊ ዉሳኔዚ ናይ መጀመርታን መጨርሻን ዘይኮነ ህዝብና ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ኩሉ ግዜ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ እብ ምክልኻልን ህንጸትን ሃገርና ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ዘልዕል ምኻኑ ዘራጋግጽ,ዩ።ኩሉግዜ፡ ህሞት ዝመሰለ ይምሰል ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ደዉ ዝበልና ምኻና ህዝብና ኣብ ኦረብሩን ከባቢእን የራጋግጽ።

ካብዚ ብምቕጻል 20 ሰነ መዕልቲ ጀጋኑ ሰማእታትና ኩሉ ህዝቢ ዓበይቱን ናኣሽቱን ሽምዓ ብምዉላዕ እቶ ዮናስ ማና ኣብ ማእከሉ ዝተረኽበሉ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካይድና ንወግዓዊ ጽንብል ኣብ ህንጻ ማሕበረኮም ኤርትራዉያን ተመሊስና ኩሉና ሽምዓናን ዕንባባናን ምሰ ኣንበርና ፈጻሚ ጉዳያት ኤርትራ ኣቶ ዮናስ ማና ቃል ኢንባሲ ሃገር ኤርትራ መዓልቲ ሰማእታትን ትርጉምን ዘለዎ ርዝነትን ዘሰክመና ሓላፍነትን ዘረድእ ጽሕፉ ምስኣንበበ ፍጻሚኡ ብዝኽረ ሰማእታት ተዛዚሙ።

ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና
ሞጎስ ንዋልታና ዝኾነ ሓይልታት ምክልኻልና
ሰላምን ጥዕናን ንህዝብና
ጿጋን ምዕባለን ንሃገርና

ዓወት ንሓፍሽ
ህዝባዊ መኽተ ኦረብሩን ከባቢኣን
080620።